## እዞም ሰባት መን ኢዮም?

**ህቡብ ድምጻዊ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል)ን ኣቀራራቢ መድርኽ ተጋዳላይ ሃይለስላሴ (ሊንጎ)ን ነዞም ሰባት ትዝክርዎም ዶ? ዛጊት ከ፡ እንታይ ኢዩ ገበኖም? መን ኢዩኸ ብዛዕብኦም ዝሕተት?**

| | | | |
|---|---|---|---|
|  |  |  |  |
| 1.ገብረህይወት ረዳእ ብርሃን ኣብል መካናይዝድ ኮማንዶ ኣሃዱ ሓኪም ብርጌድ፡ ሳን (ችክን) | 2. ዓምራ ቓዲ ረሽራሽ መካናይዝድ 74 ኣዛዚ ቦጦሎኒ | 3. ተወልደ ዘሚኪኤል ታንከኛ መካናይዝድ፡ 74 ኣዛዚ ብርጌድ፡ ሳን (ቺና) | 4. ያሬድ ብርሃ ጋራ ኮማንዶ 525 ኣዛዚ፣ ሳን (ወዲ ጨንራ) |

## ሕጂ ዝርከብሉ ቤት ማእሰርቲ ቤት ማእሰርቲ ጸጸራት

ኣብቲ ዘለውዎ ቤት ማእሰርቲ፡ እዞም ኣርባዕተ ሓርበኛታት ጥራይ ኣይኮኑን ዘለዉ። ብኸምቲ ንዖኦም ዝቐረበሎም ክሲ፡ ዛጊት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝበልዩ ዘለዉ ውሑዳት ኣይኮኑን። ንዝርዝር ኣስማቶም፡ ኣብ ዝቕጽል ክቕርቦ ኢየ።

እሞ! ብጾት ድምጻዊ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል)ን፡ ኣወሃሃዲ መድርኽ ሃይለ (ሊንጎ)ን፡ ነዞም ጀጋኑ መተኣስርቶኹምሲ ትዝክርዎምዶ?

ወይ ሰብ ደቀይ!! በለ ዝመረሮ። ዘገርም ዩ! ጠንቂ ናይዚ ምንቅስቓስ ከ፡ እንታይ ኢዩ ነይሩ? ናይ ብሓቂ ከምቲ ሰዓብቲ ናይቲ መንግስቲ ዝብልዎ፡ ዕልዋ መንግስቲ ክገብሩ ደልዮም ስለ ዝነበሩ ድዩ? ብኻ ከምኡ ገይሮም ሕጂ እኳ ኤርትራዊ ኮሪዑ ብሰላም ምነበረ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ናይቲ ዕልዋ ክገብሩ ደልዮም ነይሮም ዝብል ጽልዋ ሓቀኛ መልሲ፡ ኣይፋል ኢዩ። ነዚ ኸኣ፡ ብዙሕ መጽናዕቲ ዘድልዮ ኣይኮነን።

"ናብቲ መሰረታዊ ጠንቂ ናይቲ መስርሕን፡ ፍጻመ መደምደምታኡን ክንሓልፍ"፡-

ድሕሪቲ ብወትሃደራዊ ስራሒታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ግንባራት ደቀ-ምሓረን፡ ጎላጉል ዓሰብን፡ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ስርዓት ደርግ፡ ዝተኸፍተ ደምሳሲ መጥቃዕቲ፡ ካብ ዓርሞሾሽ ሓይሊ ምሩጽ ኣሃዱ መካናይዝድ ክፍለ ሰራዊት 74፡ ድሩዓት መካይንን፡ ታንከኛ ኣጋር ከቢድ ብረትን ዝዓጠቐ ኣሃዱን፡ ብፍሉይ ኣሃዱ ኮማንዶ 525፡ ዝተሰለፈ ፊተውራሪ ደምሳሲ ሓይልን፡ ዝተዋሃሃደ መጥቃዕቲ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ንምክያድ፡ ንሓገዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንፍጻመ ሽቶን፡ ቀጻሊ ምርግጋጽ ስልጣንን፡ ኣብ ትሕቲ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ. ይንቀሳቐሰሉ ኣብ ዝነበረ ህሞት፡ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ዝዝክሮ፡ ልኡኽ መሪሕነት ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ.፡ ኣብ ኢጣልያ፡ ልኡኽ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከኣ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ምስ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ደርግ፡ ርክባትን፡ ምዝርራብን፡ ልዝብን-ዘተን፡ ይግበር ከም ዝነበረ፡ ንማንም ክዉል እኳ እንተዘይነበረ፡ እቲ ብኣላይነት ኣሜሪካዊ ሄርማን ኮሂን፡ ዝተኻየደ ዝተፈልየ ትሕዝቶ ኣኼባ፡ ኣብኡ እንታይ ኢዩ ተፈጺሙ? እንታይ ኢዩ ኸ ተዘሪቡ? ብዘይካ እቲ እንዳፈለጠ፡ ከም ዘይፈለጠ ኸሕውን ዝደሊ፡ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒታት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘሎን፡ ዝነበረን፡ እንተዘይኮይኑ፡ ነቲ ዋና ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስጋዕ ሕጂ ስውር ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ ዘሎ። ይኹን ድኣ እምበር፡ ነዚ ዝምልከት ናይ ባዕሉ ሓተታን፡ ጽሑፍን ስለ ዘድልዮ፡ ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ፡ ብፍሉይ ኣርእስቲ፡ ምስ ግዜ ብምግንዛብ ክስዕቦ ኢየ። ንሕጂ ግን፡ ናብቲ ሳዕ ቤን ክሰግር፡-

እቲ ብዘይ ድምጺ ምልኣተ ኣባላት ማእከላይ ሽማግለን፡ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ ብድምጺ ሓደ ሰብ፡ ንሱ ኸኣ፡- ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝቖመ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተኣወጀ፡ ናይ ሽዑ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንዘለዎ ተሃን፡ ብፍሑኽ፡ ፍሑኽ ዘይኮነ፡ ብውዑይ ረጽሚ ኢዩ፡ ነቲ ኣብ ልቡ ተደጊሉ ዘሳቕዮ ዝነበረ ቃንጫ ሓሳብ፡ ከተግብር ዝጀመረ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናብ ከተማ ኣስመራ ክኣቱ እንከሎ ንጃህራ ዘይኮነ፡ ንባዕሉ ነዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን ዘሎ ስርዓት፡ ኣብ 1989፡ ቅድሚ ናብ ስልጣን ምምጽኡ፡ ሓደ ካብ መራሕቲ

ዶክተር ሓሰን ኣል-ቱራቢ፡ ካብቶም እሙናት መሓዛ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮ እሙን ዓርኪ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ፡ ናይ ሕጂ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ዕርክነት፡ ካብ ሰማንያታት ዝጀመረ ኢዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ፡ ኣብ 1982፡ ደርጊ ዝኸፈቶ ብሻድሻይ ወራር ዝፍለጥ ዝነበረ ኲናት፡ ወዱ ንዶክተር ሓሰን ኣል-ቱራቢ፡ ኣብ ጋራጅ ዓንበርበብ፡ ንሓደ ወርሒ ከገልግል መጺኡ ነይሩ ኢዩ።

ውጺኢት ናይዚ ናይ ነዊሕ ዝኸደ ዕርክነትዚ ኸኣ፡ ጉጅለ ዶክተር ሓሰን ኣል-ቱራቢ፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዝነበረ ናይ ሳድቕ-ኣል-ማህዲ ጉጅለ፡ ዕልዋ ቅድሚ ምክያዱ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ጌና ድሕሪ ምሕራር ኣፍዓበት፡ ኣብ ኅላጉል ኲናት ዘካይደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ዓለም፡- ብቁጠባዊ ትሕዝቶኡ ትጥርጥረሉ ኣብ ዘይነበረትሉ ህሞት፡ ነቲ ብዶክተር ሓሰን ኣል-ቱራቢ ዝምራሕ ዝነበረ ዓላዊ ጉጅለ፡ ንመንቀሳቐሲ ሓገዝ ክኾኖ ብማለት፡ ብውልቀ ትእዛዝ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ $14,000,000,00 (ዓሰርተ ኣርባዕተ ሚልዮን ዶላር)፡ ብጉልባብ ልቓሕ፡ ገንዘብ፡ ካብ ካዝና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንዓላዊ ጉጅለ ዶክተር ሓሰን ኣል-ቱራቢ፡ ተዋሂብዎም ኢዩ።

በዚ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ገንዘብ እዚ፡ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ምንቅስቓስ፡ ብወገን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብጸጥታዊ ጉዳይ፡ ኣብ ካርቱም ዝነበረ፡ ሕጂ፡- ኣብ ስዑዲ ዓረብ (ጅዳ) ተቐይሩ ዘሎ፡ ብ(ወዲ ፊተውራሪ) ዝፍለጥ፡ ብሓላፍነት ክከታተሎ እንከሎ፡ ነቲ ዲፕሎማስያዊ መስርሑ ብሓላፍነት ዝተሰከመ ከኣ፡ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ ኢዩ ነይሩ።

ብሓፈሻ፡ ድሕሪ ምሕራር ከተማ ባጽዕ ዝሰዓበ፡ በብቐሩብ መሬትን፡ ሰብን፡ ሓራ ምግባር ይቕጽል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ናይ ህዝቢ ሱታፌ፡ ዋላ እቶም ብመትከል ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዘይሳነዩ ዝነበሩ እውን እንተኾነ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ሕጂ ኣበርክቶ ህዝቢ ምስ እንፍትሽ፡ ብዓይነትን፡ ብጥረ ገንዘብን፡ ዘወፈዮ መዳርግቲ የብሉን። ስለዝኾነ ኢዩ ኸኣ፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ምዝዛም ኲናት ኤርትራን፡ ምሕራር መላእ ኤርትራን፡ ካብ 1990፡ ስጋዕ ነዚ ኲናት ብነጻነት ኤርትራ ዝዛዘም፡ ናይ $50,000,000,00 (ሓምሳ ሚልዮን ዶላር)፡ ንተቶኳሲ ወጻኢ ጌርና ኢሉ፡ ዝሞሎቐ ጸብጻብ ናብ ድምጺ ሓፋሽ ዝሃበ።

በዚ መስርሕዚ፡ ግንቦት 24/1991፡ ናብ ህዝብና ንጽንበረሉ ዝነበርና ህሞት እምበኣር፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ $3.8 ቢልዮን (ሰለስተ ቢልዮንን ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮንን ዶላር ኣሜሪካ)፡ ኣብ ካዝናኡ ቀርቂሩ ኢዩ ኣትዩ።

ኣብ ከምዚ እዋን፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ከም ወናኒ ሓዳስ ሃገርን፡ ውልዶ ዘይተሞኮረ ሓድሽ መንግስትን፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ከሳትፎ ዝኽእል ዓቕሚ ገንዘብ ንምድላብ ብማለት፡ ኣብ ማዓላ ህንጸት ልዕለ ቅርጽን፡ ትሕተ ቅርጽን፡ ምእላይ ስንኩላንን፡ ምጥያስ ተጋደልትን፡ ብሓልዮት ዘይኮነ፡ ንካዝናኡ መምልኢ ሓገዝ ክዋሃቦ ብማለት፡ ንለገስቲ ሃገራትን፡ ዓለማዊ ባንክን፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን፡ ብመንገዲ ውድብ ሕቡራት ዝተላእክሉ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለታት፡ ምስ ደቂ ሃገር ብምስናይ፡ ናይ $2,000,000,000,00 (ክልተ ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ)፡ ክሓትት እንከሎ፡ ማዕረ፡ ማዕሪኡ፡- ውድብ ሓርነት ፍልስጤም ውን፡ ብተማሳሳሊ መንገዲ ይሓትት ስለ ዝነበረን፡ ኣብቲ መስርሕ ከኣ፡ ጠለብ ሕቶ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ክትግበር ናይ ግድን ስለ ዝነበረ፡ ካብቶም ብመንገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተላእኩ ኪኢላታት ደኹኑ፡ ካብቶም ዝርካቦም ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ባዕሉ ዝዓደሞም [ምሁራት](#)፡ እዚ $2,000,000,000,00 (ክልተ ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ)ዚ፡ ኣበየናይ መዓላ ኢዩ ክውዕል? ነዚ ዝገልጽ ናይ ስራሕ ሰሌዳ፡ በብንጥፈቱን፡ ዝውድኦ ግዜ ሰሌዳ፡ ካብ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ፡ ስጋዕ ሓሙሽተ ዓመት ዝተነጸረ ናይ ስራሕ ሰሌዳ ውጥን ኣቕርቡልና።

ነቲ ጉዳይ ኣጽኒዕና ክንህበኩም ዝብል፡ ካብ ለገስቲ ሃገራት ደኹን፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን፡ ዓ ለማዊ ባንክን፡ ምላሽ ኣብ ዝተዋህበሉ ግዜ፡ መልሰ ተግባር መራሒ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣበየናይ ነውዕሎ ባዕልና ንፈልጦ። ንሕና ንቆጻጸሮ እምበር፡ ዝቆጻጸረና ኣየድልየናን ኢዩ። በቲ ቀሪብዎ ዘሎ ዝህቡ እንተኾይኖም ግርም፡ እንተዘይኮይኑ ናትና መንገዲ ኣለና። ናጽነት ከነምጽእ ተቖጻጺሩ ኣብዚ ዘብጻሓና የለን ተባሂሉ፡ ብክልሰ ሓሳብ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ፡ ንሱ ኸኣ፡- መራሒ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተዓጽዩ።

እዚ ቀዳማይ መስርሕ ምስ ፈሸለ ኢዩ እምብኣር፡ ናብቲ ካልኣይ መጣልዒ፡ ምእካብ ናይ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር፡ ፋሕ ኢሉ ዝነበረ ሓጺን፡ መጺን፡ "ስክራብ-ሜታል" /ረታመ/ን ማለት፡ ናይ (ዝዓነዋ ታንክታትን፡ ድሩዓት መካይንን፡ ናይ መጓዓዝያ ተሽከርከርትን)፡ ከምዚ ድሕሪ መዓ ስከር ደንደን፡ (ቃኘው) ዘሎን፡ ከምኡ ውን፡ ምእካብ "ኮፐር"፡ ማለት፡- እዚ ቀደም ኣብ መደበር፡ (ጥላጋ) እንዳ ተባህለ ዝሸየጥ ዝነበረ፡ (ቅልሃ ናይ ተተኳሲ ጥይት)፡ እዚ ውን፡ ኣብ ድሕሪ ቃኘውን፡ ካልእ ቦታታት ኤርትራን፡ ተኣኪቡ ዘሎ ኢዩ። መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ተስፋኦም ዘንበርሉ ናይ መወዳእታ መጣልዒ፡ ኣብዚ ሓጺን፡ መጺን ኣድሂቦም። ግን፡ ኣይተዓወቱን።

"ኣንታ! እዛ ቆርበት ድኣ፡ መዓስ ተባላሽያ? ኣብ ምስጣሓ ድያ? ኣይፋል ኣያ፡ ኣይ ኣብ ምስጣሓን፡ ኣብ ምጥባሓ ድኣ፡" ዝተባህለ፡ "ካብ ጸባ ዘይተረኽበስ፡ ካብ ማይ ጨባ" ኮይኑ ነገር ፋሕ ኢላ። "ፋሕ ኢላ ውን፡ ትሕዝ ኢያ።" ኮይኑ ነገሩ፡ ብደዐ ዝፈጠሮ ስሰዐ፡ ናብቲ ዘይተደልየ ሰራዊት ዘይተጸበዮ፡ ናይ ጥልመት መግለጺ ቪድዮ ካሴት፡ ናብ ሰራዊት ዝተዘርገሐን፡ ምሕደራ ምልኪ ዘህጠሮ፡ መደረ መራሒ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ክብጻሕ ተኻኢሉ።

ትሕዝቶ መልእኽቲ ቪድዮ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ መበገሲኡ እንታይ ኢዩ ነይሩ? ልዒሉ ከም ዝተገልጸ፡ ነታ ሃገር ንምህናጽ ዝተሓተተ ብዝሒ ገንዘብ፡ ብምሉኡ ይኹን፡ ብሸፈል፡ ክርከብ ስለ ዘይተኻእለ፡ ናብ ዝተሓዝአ ናይ ውልቂ መጣልዒ ካርታ፡ መሸጣ ሓጺን፡ መጺን ውን ከዐውት ስለ ዘይካኣለ፡ ሓደ መደብ ክሕንጸጽ ነይርዎ።

እዚ ማለት ከኣ፡ ኣብ ህላዌ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ዝተሞርኮሰ፡ ጽኡይ መጽናዕቲ ዝተገብሮ፡ ኣብ ውህድ ምጽውዋርን፡ ምክብባርን፡ ሰላምን፡ ልዝብን-ዘተን፡ ደሞክራስያውነትን ዝተሰረተ ዘይኮነ፡ ብጉልባብ ተወፋይነት፡ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ንውልቀ ዝና ሓደ ሰብ ዝተወቕረ ዓብላልነት ዘተኮረ፡ ናይ ስልጣን መሻርኽቱ እንተኾነ ውን፡ ብቕሉዕ ዓይኖም ባዕሎም ዝደፈንሉ፡ ብሉጽነት ምልኪ ስነ ሓሳብ፡ መራሒ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንኽተግብሩ፡ ዘይሕጋዊ ኣዋጅ ዘንፈሱላ፡ መልእኽቲ ቪድዮ ኢያ ነይራ።

ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ መልእኽቲ ቪድዮ ካሴቱ፡ እንታይ ኢዩ ዝብል?
ካልኦት ሰበ-ስልጣናትከ፡ እንታይ ዓይነት ተራ ንኣፈታትሓ ናይቲ ሽግርን ይጻወቱ ነይሮም? ኣብ ዝቕጽል።

ይቕጽል .. .. ..

T.M/ Negassi

ነጋሲ ጸጋይ ተኽለ

ነዘርላንድ ሆላንድ